


# የሃና ደቂ ኤረይ

ኩልና ንሕና ስድራና ኣብ ሃገርና
ተሐቓቂፍና ንነብረሉ ሐደ ዝእምነትና
ግንቦት 24 ሰላም ኣምጺኣ ኣብ ኤረና
ሰላም ኮይኑ በሪቑ ደሚቑ ጸሐይና
ዋርሳይ ይካኣሎ ህይወቱ ከፊሉ
ጸራሪት ኣውጺኡ ኣድጊ ምስ ዒሉ
ሰላም ራህዋ ኮይኑ ኣብ ኤረና ኩሉ
ሐቂ ስለዝሐዝና ብቐደምና
ራእይና መሪጽና ስለዝሰራሕና
ብኽፍኣት ተዋሒጦም ጸላእትና
ርኣይዎም ክፋጠጡ ኣብ ቅድሜና
ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ጎሬቤትና
ነቲ ዝሰብኩሉ ዜሮ ባዶ ዲሞክራሲ
ኣበይድኣ ኣሎ ሕጂ እቲ ሐቂ መልሲ
ካብ ንፍጠር ክንደይ ሽርሒሞ ዘይረኣና
ሚሒሎም ሐሲዮም ክፈላልዩ ንዓና
ብኽፍኣቶም ተማሂርና ንጽንዓት ወሊድና
ሐደ ልቢ ሐደ ደም ብምኧና የሃና ተዓዊትና
ሰላም ሰላም ደቂ ኤረይ እንቋዕ ሐጎሰና
መበል 18 ዓመት ናጽነት ሰናይ ዓመት
ሳላ ዋርሳይ ይካኣሎ ወፍሪ ጻዕሪ ቆራጽነት
መንግስቲ ምስ ህዝቢ ሐደ ወርቂ መቐነት
የሃና የሃና ደቂ ኤረይ ብሉጽ ሂወት
ዓወት ንሐፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል
15.05.09